tigrinya

ptz
heilpädagogische
früherziehung



# ኣቐዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ

HFE

## ኣቑዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ

ሓደ ቆልዓ፣ ከምቲ ትጽቢት ዝግበረሉ ወይ ከምቲ ንቡር ዝኾነ ግቡእ ዕቤት ወይ ግስጋሴ ኣብ ዕድሚኡ ከም ዘይገብሮ ዘሎ ዝሕብሩ፣ ብዙሓት ምልክታት ኣለው። ዝጸወቶ ጸወታ ምስ ናይ ዕድሚ ደርጃ ዘይመጣጠን ምስ ዝኸዉን። ምናልባት፣ እቲ ህጻን ምስ መዛንኡ ብምንጽጻር፣ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ብቑዓት ዕቤት ኣብ ቋንቋ፣ ዝዛሕተለን ወይ ውን ዝደንጎየ ምስ ዝኸውን ። ምስ ሰባት ይኹን ምስ ነገራት፣ ኣብ ዝኾነ ዘጋጥሞ ነገራት፣ ዘይንቡር ባህሪ ወይ ጠባያት ዘርኢ ክኸውን እንከሎ። ሓፈሻዊ ምዕባሌኡ ወይ ዕቤቱ ዝደንጎየ፣ ወይ ድማ ምዕሩይ ዘይኮነ፣ ዘይተወሃሃደን ሚዛኑ ዘይሓለውን ክኸውን ከሎ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ህሞት፣ እቲ ኣቑዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ክሕግዝን፣ ምኽሪ ከበርክትን፣ ክደጋገፍን ይኽእል እዩ። እቲ ዝግበር ሓገዛት ማዓልትዊ ነጥፈታትን ኩነታት ስድራ ቤትን ኣብ ግምት እትዳአተኻ እዩ።

ንኹሎም ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ናይ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ኣቑዲምካ ሕክምናዊ መወከሲ ወይ ድማ ናይ ሓኪም ምኽሪ ምህላው ኣድላዪ ኢዩ።

## መብርሂ ወይ ውን መርመራ

ዝበዝሐ እዋን፣ ወለድን ሓካይም ህጻናትን ኣብቲ ህጻን ዝሕታሌ ዕቤት ከምዘሎ እቑዲሞም ዝፈልጡ እካላት እዮም። ብተወሳኺ እውን፣ ሓለፍቲ ናይ መጸወቲ ቆልዑት፣ ኣማኸርቲ ኣደ ወይ ኣቦ፣ ወይ‘ውን ኣባላት መውዓሊ ህጻናት ኩነታት ናይቲ ህጻን ከስተውዕሉን ኣድላዪነት ተወሳኺ መርመራ ኣብ ልዕሊ እቲ ህጻን ክግበር ከምዘለዎ ኣብየታቶም የቕርቡ። ከም ተወሳኺ ኣብ ርእሲ‘ቲ ሓካይም ዝገብርዎ ጥዕናዊ መርመራራት፣ መርመራ ወን መብርሂታት ስነ ኣእምሮ ምዕባለታት ሓደ ህጻን ብወገና እውን ነበርከት ኢና።

**እንህቦም ኣገልግሎት መብርሂታት ወይ መርመራታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ**

- ዝርርብ ብዛዕባ ህልውን ሕሉፍን ኩነታት እቲ ህጻን
- ባህሪ ወይ ጠባይ ናይቲ ህጻን ምዕዛብ
- ግዓዊ፣ ስርዓቱ ዝሓለወ መርመራታት ምክያድ
- መዐቀኒ ምዕባለታት ወይ ዕቤት ዝኾኑ መምዘኒ ረቛሒታት ብቑዓት ምጥቃም
- Eቃለ-መሕተት ናይ ወለዲ

እዚ መብርሂ እዚ፣ ደረጃ ዕቤት ህጻን ዝፍትሽን፣ ምስ ኩሉ ዘለዎ ጸገማትን ዓቕሚን ወይ ትሕዝቶን ኣብ ግምት ኣእትዩ፣ ሓፈሻዊ ኩነታት ባህርያቱ (ገምጋም ሓፈሻዊ ዕቤቱ ወይ እንታይነቱ) ዘመሓላልፍ ወይ ድማ ጸብጻብ ዘዳሉ ኢዩ። በዚ መሰረት ድማ፣ ኣድላዪነት ናይቲ ኣቑዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ ክውሰን ይከኣል።

## ብውጥን ወይ ድማ ብዕላማ ናይቲ ቆልዓ ምምሃር

እቲ ቆልዓ ኣብ መዳያት፣ ምምዕባል ኣቓልቦ (ግንዛቤኡ ኣብ ምዕባይ)፣ ምምሕያሽ ቋንቋ፣ ምንቅስቓስ ኣካላት፣ ማሕበራዊ ውህደት፣ ጸወታ ምጽዋትን ናይ ምምሃር ባህርያትን ንኸማዕብል ንሕግዞ።

እቲ ንእሽቶ ቆልዓ፣ ኣብ ናይ ምጽዋት ዓለም ወይ ዕድሚኡ ኣብ ግዜ ጸወታ ኢዩ ዝርከብ። ስለዚ ድማ ኢዩ፣ ጸወታ ንቅድመ-ዕቤት ምዕባለ ኣገዳሲ ዝኸውን። ኣብ ኣሠራርሓና፣ ዝተፈላለዩ ኣገባባት፣ ማለት ከም ስነ-ምምህርና፣ ስነ-ኣእምራዊ፣ ሕክምናዊ፣ ከምኡ እውን ማሕበራዊ ዝኣመሰሉ ሜላታት ብጸወታ  ንጥቀም ኢና።

እዚ ኣቐዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ተመኩሮን ብቐጻሊ ዝርዓም ወይ ዝውሃሃድ መስርሕ ኢዩ። ስለዚ ድማ፣ ንጡፍ ተሳታፍነት ናይ ኩሎም መምህራን፣ ኣድላዪን ተጠላብን ኢዩ። ምስኣቶም ብሕብረት ኬና ድማ መደባት ዝወሃብ ሓገዝ ወይ ደገፍ ንውጥን፣ ከምኡ እውን ዕቤት ናይቲ ቆልዓ ንምዕዛብ ከኣ ንተግባራውነቶምን ውጺኢታውነቶኦም ድማ ንግምግምን።

እዚ ኣቐዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ኣብ ገዛ፣ ማለት ኣብ ስድራቤታዊ ሃዋሁ ዘለዎ ኣከባቢ፣ ወይ ድማ ኣብ ባዕልና ዘዳለናዩ ከፍልታት ከወሃብ ወይ ከዳሎ ይከኣል ኢዩ። ኩነታቱ ከም ዝጠልቦ፣ ማለት ከም ኣድላዪነቱ፣ ብውልቂ ይኹን ብጉጅለታት ናይ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ መደብ ነካዪድ ኢና። ጸዕቒ ወይ ብዝሒ ናይቲ ዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ምስ ኣድላዪነት ናይቲ ህፃንን ወለድን ዝተወሃሃደን ዝተዛመደን ኢዩ።

## ሓገዝን (ደገፍን) ንወለዲ፣ ከምኡ'ውን ምስ ወለዲ ምትሕብባርን

ንወለድን ኣለይትን፣ ኣብ ኣሸጋሪ ኩነታት ምእላይን ምዕባይን ህፃን፣ ምኽርን ሓገዝን ንህብ። ምስኣቶም ብሓባር ኬና፣ ነቲ ሽግርን ምስኡ ዝተታሓሓዙ ነገራት ኩሉን ኣብ ምፍታሽን ምድላይን ንሠርሕ። ነቲ ጠንቂ ዝኾነ ነገር ኣብ ምልላይ (ፈሊኻ ምፍላጥ)፣ ክንርድኦ (እንታይነቱ ክንፈልጦ)፣ ክንገልጾ፣ ናብ ጽቡቕ ክንቅይሮን ንፍትን። በዚ ከምዚ ዝበለ ሜላ ድማ፣ ወለድን ኣለይትን ኣብቲ ዘለዎም ናይ ገዛእ ርእሶም ዓቕሚ እምነት ንኸሕድሩን ንምሕያሉን፣ ከምኡ እውን ነቲ ቆልዓ ኣብ ምዕባይ ዘለዎም ፍሉይ ብቕዓት ዝያዳ ንኸማዕብልዎ ወይ ዝያዳ ከስፍዎን ንደሊ።

እቲ ናይ ምኽሪ ሓገዝ፣ ብተወሳኺ'ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ምምዝጋብ ለበዋን ምሕጽንታን ይህብ ኢዩ።

ምትዕራቅ ሓዳር ወይ ኣብ ስድራቤት ዝህሉ ዘይምስናይ፣ ወይ ድማ ሓዳር ምስምማዕ (ጉዳይ ፍትሕ)፣ ከምኡ እውን ጸገማት መጻምድቲ ምፍታሕ፣ በዚ ኣቐዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ ካብ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ኣይኮኑን።

## እቲ ዕላማ፣ ዝበለጸ ምውህሃድ ንምፍጣር ኢዩ።

ዕላማ ናይዚ ኣቐዲምካ ወይ ኣብ ግዚኡ ንዝወሃብ ስነ-ፍወሳ ትምህርቲ፣ ጉድለት ወይ ጸገም ናይ ግቡእ (ስሩዕ) ምዕባለ ናይ ዘለዎም ህፃናት ኣብ ቤቶም ይኹን ኣብ ኣከባቢኦም፣ ዝበለጸ ምውህሃድ ንኽህልዎም ምግባር እዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ዕላማ፣ ዝበለጸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ክከእል ምእንቲ፣ ነቶም ዘየድልዩ ምዕባሌታት ብኣግኡ ኣብ ግዚኦም ንምክልኻልን ንምውጋዶምን ምስ ወለዲ ብሓባር ምሥራሕ ኢዩ።



**Stiftung ptz**
Benzburweg 22
4410 Liestal
Tel. 061 926 63 00
sekretariat@ptz-bl.ch

ptz-bl.ch